# ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርትታትን ውላድኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከምተመዝግብዎን

መምርሒ ስድራቤት ንሓደሽቲ መጻእቲ

Nova Scotia ኩሎም ቆልዑት ብሉፅ ዝኾነ ትምህርቲ ክረኽቡ ንምግባር ትጽዕር።

ኣብ ቅድመ መዋእለ ህጻናት ወይ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ክሳብ 12 ክፍሊ ዝርከቡ ተማሃሮ ካብቶም ሰለስተ መገዲታት ብሓዲኡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም፦

- ኣብ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ክኣትዉ ይኽእሉ፣ እዚ ድማ ብነጻ እዩ።
- ኣብ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ክኣትዉ ይኽእሉ፣ እዚ ድማ ገንዘብ የኽፍል።
- ናይ ገዛ ተምሃሮ ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብዚ መምርሒ እዚ ዘለዉ ሓበሬታታት ብዛዕባ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርትታት ከመይ ከምዝሰርሑን ውላድኩም ከመይ ከም እተመዝግቡን ክነግረኩም እዩ።

## ሓፈሻዊ ሓበሬታ

እቲ Nova Scotia ክፍሊ ትምህርትን ምዕባለ ቅድመ ቁልዕነትን ኣብ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ኣብ ቅድመ መዋእለ ህጻናት ወይ ቀዳማይ ደረጃ ክሳብ 12 ክፍሊ ዝርከቡ ተምሃሮ ዝረኽብዎ ትምህርቲ (EECD) ሓላፍነት ኣለዎ።

**EECD ንምምዕባል ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽትን ትካላትን እዩ ዝሰርሕ፦**

- እቲ ማዕቀፍ ቅድመ ምምሃር ስርዓተ ትምህርቲ (ህጻናት ክሳብ መባእታዊ ትምህርቲ)
- ስርዓተ ትምህርቲ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ (ቀዳማይ ደረጃ ክሳብ 12 ክፍሊ)
- ፖሊሲታት ትምህርቲ፣ መደባትን ኣገልግሎታትን
- ሓደ ቆልዓ ንክመሃርን ንክዕወትን ዝሕግዙ ጸጋታትን መሳርሒታትን

**EECD ዝሰርሓሎም መሻርኽትን ትካላትን:-**

- ዞባዊ ማእከላት ትምህርቲ (RCEs) ብዛዕባ ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ መደባት ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ፈረንሳይኛ ካልኣይ ቋንቋ መደባት የጠቓልል
- Conseil scolaire acadien provincial (CSAP) ብዛዕባ ናይ መጀመርታ ቋንቋ ፈረንሳይኛ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ መደባት
- ናይ Nova Scotia ናይ መባእታዊ ዕድመ ናይ ህጻናት ልምዓት ናይ ምትእትታው ኣገልግሎታት፣ ኣብ መንጎ ልደትን ናይ ትምህርቲ ዕድመን ንዝርከቡ ተወሳኺ ሓገዝ ዘድልዮም ናይ ህጻናት ስድራቤታት ኣገልግሎት ይህብ
- ዝተፈቐደሎም ማእከላት ክንክን ቆልዑ
- ካልኦት ናይ ማሕበረሰብ መሻርኽቲ

## ኣብ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ዝጥቀሙ ቋንቋታት

ኣብ Nova Scotia ዝርከቡ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርትታት ኣብ ቤት ትምህርቲ እንግሊዝኛ-ቀዳማይ ቋንቋ ዝውደቡ ኮይኖም፣ ብ RCES ዝወሃቡ መደባትን ብCSAP ዝረኣዩ ናይ ፈረንሳይ-ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ይርከባ።

**ኣብ ቤት ትምህርትታት RCE**

- ተምሃሮ ብኢንግሊዘኛ ይመሃሩ
- ተምሃሮ ካብ 4 ክሳብ 9 ክፍሊ መሰረታዊ ፈረንሳይኛ ይመሃሩ
- መደባት ፈረንሳይኛ-ካልኣይ-ቋንቋ፣ ከም ውህደት ፈረንሳይኛ፣ ኣብ ገለ ቤት ትምህርትታት ይርከብ
- እቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ስድራቤት ብኢንግሊዘኛ እዮም ዝዘራረቡ

**ኣብ ቤት ትምህርትታት CSAP**

- ተብሃሮ ብፈረንሳይኛ ይመሃሩ
- ተምሃሮ ካብ 4 ክፍሊ ጀሚሮም እዮም ኢንግሊዘኛ ዝመሃሩ
- እቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ስድራቤት ብፈረንሳይኛ እዮም ዝዘራረቡ

CSAP ኣብ መላእ ኣውራጃ ቤት ትምህርትታት ኣለዎ ናይ CSAP መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ መደባትን ሕቶታት ብቐዓትን ሓበሬታ ኣለዎ።


## ከባቢኹም፣ ቤት ትምህርትኹም

ውላድኩም ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ኣብ እትነብርሉ ቦታ ዝተደረኸ እዩ። ኣብ ገለ ጉዳያት፣ ንውላድኩም ካብ ከባቢኹም ወጻኢ ዘለ ቤት ትምህርቲ ክተምህርዎም ትኽእሉ ኢኹም። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናይ ከባቢኹም RCE ወይ CSAP ርኸቡ።

Nova Scotia 7 RCE ኣለውዎ ከምኡ'ውን 1 CSAP። ናትኩም ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ካርታ ጠውቑ። እቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ካርታ ኣብቶም ኣብ መላእ እቲ ኣውራጃ ዝርከቡ ቤት ትምህርትታት CSAP ኣበይ ከም እትረኽቡዎም የርኢ።

## ናይ Nova Scotia ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ስርዓት

Nova Scotia ሽውዓተ ብቋንቋ እንግሊዝ ዝስርሑ ዞባዊ ማእከላት ትምህርቲ (RCEs)
ኣለዉ፣ ሓደ ከኣ ብቋንቋ ፈረንሳይ ዝስርሕ ቤት ትምህርቲ (CSAP) ኣሎ።




# መደብ ቤት ትምህርቲ

### ቅድመ መዋእለ ህጻናት

- ቅድመ መዋእለ ህጻናት ነጻ፣ ወለንታዊ፣ መደብ ቅድመ ኣመሃህራ እዩ።
- ኣብ Nova Scotia ዝኾነ ቆልዓ ቅድሚ ናብ ቤት ትምህርቲ ምእታዉ ኣብ ዘሎ ዓመት ክሳብ ታሕሳስ 31 ኣርባዕተ ዓመት ዝመልእ እንተኾይኑ ናብ ቅድመ መዋእለ ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ።
- ቅድመ መዋእለ ህጻናት ሓባራዊ እዩ። ኩሉ ዓይነት ክእለት ዘለዎም ቆልዑ ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።
- መማህራን መባእታዊ ትምህርቲ (ECEs) ንውላድኩም ኣብ ምዕባለ ብዝሕግዝ ኣገባብ ክመርሕኹም እዮም።
- ቅድመ መዋእለ ህጻናት ንቆልዑ ናብ ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ንምእታው ክዳለዉ ይገብሮም። ውላድኩም ናብ ቀዳማይ ደረጃ ንምእታው ቅድመ መዋእለ ህጻናት ምምሃር ናይ ግድን ኣይኮነን። ውላድኩም ናብ ቅድመ መዋእለ ህጻናት ክኣትው ኣለዎዶ ኣይብሉን ናትኩም ውሳነ እዩ።

### ቀዳማይ ደረጃ ክሳብ 12 ክፍሊ

- ውላድኩም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ንምእታው ብ31 ታሕሳስ እንተወሓደ ሓሙሽተ ዓመት ክመልእ ኣለዎ።
- ቆልዑ ዕድመኦም ካብ 6 ክሳብ 16 ዝኾኑ ክመሃሩ ናይ ግድን እዩ። እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ናይ ህዝቢ፣ ናይ ግሊ ወይ ኣብ ገዛ ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ኩሎም ናይ Nova Scotian ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርትታት ሓባራዊ እዮም ከምኡ'ውን ንባህላዊን ቋንቋውን ኣቀራርባ ዘለዎ ኣከባቢ ንምርግጋጽ ይጽዕሩ እዮም፣ ከምኡ'ውን ንድሕንነትን ዓወትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ይድግፉ።

- ኣብ Nova Scotian ዘርከቡ ቤት ትምህርትታት ኣብ ታሕቲ ዝስዕብ መልክዕ ኣለዎም፣ እንተኾነ ግን ውሑዳት ፍልልያት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፡-
  - መባእታዊ ቤት ትምህርትታት (ቅድመ መዋእለ ህጻናት ክሳብ 6 ክፍሊ)
  - ንኡስ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት (ካብ 7 ክሳብ 9 ክፍሊ)
  - ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት (ካብ 10 ክሳብ 12 ክፍሊ)
- ገለ ቤት ትምህርትታት ካብ ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ዝመጹ ተመሃሮ ኣብ ሓደ ክፍሊ ክጥርንፉ ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ቤት ትምህርቲ ምዝገባ

**ንውላድኩም መዓዝን ኣበይን ናብ ቤት ትምህርቲ ከምእተመዝግብዎም**

- ንውላድኩም ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ኢኹም ክተመዝግብዎም ዘለኩም
- ውላድኩም ንምምዝጋብ ንናይ ከባቢኹም ቤት ትምህርቲ ብኣካል፣ ብስልኪ፣ ወይ ብኢመይል ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ከባቢኹም ቤት ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ እውን ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ክትመልእዎ ትኽእሉ ኢኹም ድሕሪኡ ድማ እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ቅጥዒ ንምምላእ ክረኽበኩም እዩ። ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተመዝገብኩም ኣየኖት ናይ ፈረንሳይኛ ካልኣይ ቋንቋ መደባት ከም ዘለዉ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ውላድኩም ስንክልና እንተ ሃልይዎ፣ ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮ እንተ ኾይኑ፣ ወይ ተወሳኺ ሓገዝ ዘድልዮ እንተ ኾይኑ፣ ክትምዝገቡ ከለኹም ነቲ ቤት ትምህርቲ ክትነግሩዎ ይግባእ።
- ኣብ ምዝገባ ተወሳኺ ሓገዝ ንምርካብ፣ ምስ RCE/CSAP፣ YMCA ናይ ቤት ትምህርቲ ሰፈራ ወይ YREACH ወይ ኢሚግሬሽን ናይ ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ ርክብ ግበሩ።

**ክተቕርብዎም ዝግብኡ ሰነዳት**

ውላድኩም ንምምዝጋብ ዝተወሰኑ ሰነዳት የድልይኹም እዮም። እዚ ኣብ ኤሌክትሮኒካዊ መልክዕ ከም ምስሊ፣ pdf ወይ ሰነድ ዎርድ ክህልወኩም ኣለዎ።

- ናይ ውላድኩም ዕድመ መረጋገጺ፣ ከም ናይ ውልደት ምስክር ወረቐት ወይ ፓስፖርት
- መረጋገጺ ናይ ኣድራሻኹም፣ ምስ ቅዳሕ ናይ ባንክ መግለጺ፣ ናይ ስልኪ፣ ናይ ኤለክትሪክ ክፍሊት ወረቐት፣ ወይ ናይ መንበሪ ገዛ ክራይ ስምኩምን ኣድራሻኹምን ዝሓዘ (ኣስተውዕል፡- ናይ መራሒ መኪና ፍቓድ መረጋገጺ ኣድራሻ ንምቕራብ ቅቡል ኣይኮነን።)
- ሓደ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ከም መረጋገጺ ናይ ስደተኛነት ኩነታት ናይ ውላድኩም ኣቕርቡ፡- መረጋገጺ ናይ ቀዋሚ መንበሪ፣ ናይ ቀዋሚ መንበሪ ካርድ ወይ ናይ ካናዳ ፓስፖርት፣ ናይ ስራሕ ፍቓድ፣ ናይ ትምህርቲ ፍቓድ፣ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ፣ ወይ ናይ ስደተኛነት ዕቑባ ሓታቲ ሰነድ
- እንተተኻኢሉ ናይ ቀደም ትምህርቲ ናይ ውላድኩም መዝገብ፣ ናይ ቀደም ትራንስክሪፕት ወይ ናይ መመልከቲ ወረቐት ናብ እንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ዝተተርጎመ (ኣስተውዕል፡- ውላድኩም ናብ Nova Scotia ቅድሚ ምምጽኡ ዝመሃረሉ ዝነበረ ክፍሊ እቲ ኣብ Nova Scotia ዝመሃሮ ክፍሊ ከይከውን ይኽእል እዩ።)

**ካልኦት ዝቐርቡ ሓበሬታታት**

- ነቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ገዛኹምን ናይ ስራሕኩምን ቁጽሪ ስልኪ ከምኡ'ውን ስምን ቁጽሪ ስልክን ናይ ዓርከኹም፣ ናይ ስድራቤትኩም ወይ ናይ ጎረቤትኩም ሃቡ። ዝኾነ ሓደጋ እንተጋጢሙ እዚ ሓበሬታ ብምጥቃም እቲ ቤት ትምህርቲ ይረኽበኩም። እዚ ሓበሬታ ምስቲ ቤት ትምህርቲ እዋናዊ ግበርዎ። ስልኪ ቑጽሪ እንተ ቀይርኩም፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ኣፍልጥዎ።
- ምስ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ክትራኸቡ እንተ ደሊኹም፣ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ቁጽሪ ስልክን ናይ ውላድኩም መምህራን፣ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ርእሰ መምህርን ናይ ምክትል ርእሰ መምህር ስም መዝግቡ።
- ናይቲ ቤት ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ መምርሒ መጽሓፍ እንተሃሊይዎም ኣረጋግጹ። እዚ ድማ ክትፈልጥዎ ዝግብኣኩም ዝኾኑ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ይህበኩም።
- ውላድኩም ኣለርጂ እንተሃሊይዎ፣ ሕማም እንተ ሃሊይዎ፣ ወይ ኣብ እዋን ትምህርቲ ክወስዶ ዘለዎ መድሓኒት እንተ ሃልዩ፣ ንቤት ትምህርቲ ኣፍልጡ። እቲ ቤት ትምህርቲ ነዚ ክፈልጥ ኣለዎ፣ ምስ ውላድኩም ዝተኣሳሰረ ሓደጋ እንተጋጢሙ ክምልሱ ይኽእሉ እዮም።

**ናይ ውላድኩም ሕጂ ዘለዎ ናይ ቋንቋ ክእለታት**

- ቤት ትምህርቲኹም ንውሉድኩም ብእንግሊዝኛ ወይ ብፈረንሳይኛ ክሰምዕ፣ ክዛረብ፣ ከንብብን ክጽሕፍን ክሳዕ ክንደይ ከም ዝክእል ንምፍላጥ ናይ ቋንቋ ፈተና ክወስድ ክሓቶ ይኽእል እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ እንግሊዝኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ (EAL) ሓገዝ ኣብ RCE ቤት ትምህርቲ ወይ ፈረንሳይኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ (FAL) ሓገዝ ኣብ CSAP ቤት ትምህርቲ ይግበረሎም።
- መምህራን EAL/FAL ኣብ ቤት ትምህርቲ ንተምሃሮን መምህራንን ይሕግዙ። ካብ ቤት ትምህርትኹም EAL ወይ FAL ሓገዝ ብኸመይ ከም ዝዋሃብ ሕተቱ።

## ርከብ ሓበሬታ

ንዝበለጸ ሓበሬታ፣ ንዞባዊ ማእከል ትምህርቲ (RCE) ወይ Conseil scolaire acadien provincial (CSAP) ርኸብዎም።

- **Annapolis Valley Regional Centre for Education** (AVRCE)
- **Cape Breton-Victoria Regional Centre for Education** (CBVRCE)
- **Chignecto-Central Regional Centre for Education** (CCRCE)
- **Conseil scolaire acadien provincial** (CSAP)
- **Halifax Regional Centre for Education** (HRCE)
- **South Shore Regional Centre for Education** (SSRCE)
- **Strait Regional Centre for Education** (SRCE)
- **Tri-County Regional Centre for Education** (TCRCE)
- **SchoolsPlus**ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ደገፋትን ይህብ፣ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ Nova Scotia ድማ ይርከብ

ኣብ ማሕበረሰብኩም ሓገዝ ንምርካብ፦

- **YMCA ናይ ቤት ትምህርቲ** ሰፈራ-ኣብ ናይ Halifax ዞባዊ ምምሕዳር (HRM) ይርከብ
- **YREACH** – ኣብ መላእ ኣውራጃ ይርከብ (ካብ HRM ወጻኢ)
- **ኢሚግሬሽን ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ** – ኣብ ቤት ትምህርትኹም ብዝርከብ ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛ ክትረኽብዎ ትኽእሉ

20231130